# ኣበይ ኣበሉ!!!

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
23.04.2005

ወርሓቱ ሚያዝያ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዝርከብ ህዝብና በዓል ፋሲካ ንምኽባር፡ በብዘለዎ ዓቕሚ ተዳልዩ፡ ቤተ-ሰብን ጐረባብትን ኣዕሩኽን መሓዙን ተዓዳዲሞም ናይ እንቋዕ ደስበለና መንፈስ ኣብ ዝገልጽሉ ዝነበሩ እዋን፤ እቲ ኣእዳው ብደም ዝጠልቀየን፤ ሽርሕን ውዲትን ክኣልም ከይደቀሰ ዝሓድርን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ግን፡ ነቶም ንናጽነት ናይ ህዝቦም ክቃለሱ ንእስነቶም ዘብለዩ ተጋደልቲ ወልደማርያም ባህልብን ተኽለብርሃን ገብረጻድቕን (ወዲ ባሻይን) ንምጭዋይ ክቓጸ ኢዩ ወሪሑ። በዓል ኢዩ፤ ናይ ሓጐስን ደስታን መዓልቲ ኢዩ ውን ኣይበለን።

ቅድሚ 13 ዓመታት፡ ብ26 ሚያዝያ 1992፡ መሓውራት ስለላን ቅንጸላን ዲክታቶርያዊ ስርዓ ት ኣስመራ፡ ንኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ ዝነበሩ ንጹሃት ተጋደልቲ ወልደማርያም ባህልብን ተኽለብርሃን ገብረጻድቕን፡ ከምሰቦም በዓል ፋሲካ እናኽበሩ እንከለዉ፡ ካብ ከሰላ ጨውዩ ኣብቲ እትረፍዶ ክትነብረሉ፡ ብወረ ውን ክትሰምዖ ስግድግድ ዘብል መዘና ዘይብሉ ጭካኔታት እተፈጸመሉን ጌና ውን ዝፍጸመሉ ዘሎን ኣብያተ-ማእሰርቱ ዳጒንዎም ይርከብ። እዞም ን13 ዓመታት ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ምስ ቤተ-ሰቦም ከይተራኸቡን ዕድሚኦም ኣብ ማእሰርቲ ዘሕልፉ ዘለዉ ተቓለስቲ፡ ብዘይካ ካብቲ ስርዓት ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ምውናኖም እንተዘይኰይኑ ካልእ ዝፈጸምዎ ዝኾነ ይኹን ገበን ኣይነበሮምን። ስለዚ ኢዩ ውን እቲ ስርዓት ክኸሶም ይኹን ኣብ ፍርዲ ከቕርቦም ፍቓደኛ ዘይኮነ። እዚ ጥራሕ ውን ኣይኮነን፤ ኣህጉራዊ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን፥ ሰበ-ስልጣን ገለገለ መንግስታት ምዕ ራባውያን ሃገራትን፡ እንተላይ ገለገለ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኣመሪካ፡ ሃለዋቶም ንምፍላጥ ዝገበርዎ ጻዕርታት ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸቡን።

መሻኺ ስርዓት ኢሳያስ፡ ክሳዕ 18 መስከረም 2002 ዓ.ም ንመቓልስቱ ዝነበሩ መራሕትን ጋዜጠኛታትን ዓበይቲ ዓድን ዝኣሰረላ ዕለት፡ ከምዚ ዝብሃሉ እሱራት ይኹን፡ ኤረ ብስሩ ውን ናይ ፖለቲካ ዝብሃሉ እሱራት የብልናን እትብል ኣይተውፍር ኣይተእቱ መልሲ ጥራሕ ኢዩ ክህብ ዝስማዕ ዝነበረ። ዝቕበሎ ደኣ ኣይረኸበን እምበር፡ ዋላ ነቶም ትማሊ ንህዝባዊ ግንባር እናመርሑ ናጽነት ዘምጽኡ መቓልስቱ ውን ሕፍር ከይበለ ከም ተራ ገበነኛታት ወይ ከኣ ብኽድዓት ኢዩ ክኸሶም ፈቲኑ። ድሕሪ ተረኽቦ 18 መስከረም ግን፡ ስርዓት ኢሳያስ ክሸፋፍኖ ዝጸንሐ ባህርያት ንቓልዕ ወጺኡ፡ ሓሶታቱ ድማ ኵሉ ተኸሺሑ።

መሻኺ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሓሶቱ ንምሽፋንን፡ እቶም እሱራት ምስ ካልኦት እሱራት ይኹኑ ምስ ሓለውቶም ከይላለዩን፥ በጻሕቲ ውን በጋጣሚ ከይረኽብዎምን ብምስጋእ፡ ንበይኖም ኣብ ፍሉይ ሽላታት ኣብ ልዕሊ ምእሳሩ፡ በብእዋኑ ካብ ሓደ ቤት ማእሰርቲ ናብ ካልእ ቤት ማእሰርቲ ክቕያይሮም ኢዩ እዚ ኵሉ ዓመታት ኣሕሊፍዎ። እዚ "ኣሉ ቀጣን" ዝኣመሉ ስርዓትዚ፡ ምስ ተቓወምቱ ንምዝታይ ቅሩብነት ዘየርኣየሉ ምኽንያት ውን፡ ተቓወምቲ የብለይን ዝብል ቀደም ዝገበሮ ሓሶት ከይቃላዕ ስለዝፈርሐ ኢዩ። ሕጂ ውን ነዞም እሱራት እዚኣቶም ክፈትሕ ፍቓደኛ ዘይኮነሉ ምኽንያታት፡ ጌና ካብ ናይ ቂምን ቅርሕንትን ስምዓ ታት ስለዘይተናገፈን፤ ሓሶታቱ ከይብለል ስለዝሰግአን እንተዘይኰይኑ ካልእ ዝብላዕ ወይ ዝውሓጥ ምኽንያታት ስለዘለዎ ኣይኮነን።

ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ እሱራት እዚኣቶም ጥራሕ ኣይኮኑን። በዓል ገብረብርሃን ዘርኣ፡ ኣቦ መንበር ዲምሓኤ ነበር፡ በዓል ወልደሱስ ቻቼ፡ በዓል ዑስማን ዳይር፡ በዓል ሳልሕ ሕሩይ፡

በዓል ኣልኣዛር መስፍን፣ በዓል ኣስቴር ዮውሃንስ፣ በዓል ኤርምያስ ፓፓዮ፣ በዓል ገብረሂወት ቀለታን ካልኦት ብዙሓትን ኣበይ ከምዘበሉ ውን ብጭቡጥ ዝፍለጥ ነገር የልቦን። ክሃድሙ ፈቲኖም፣ ኰብሊሎም፣ ብብልሽውና ተኸሲሲም ተባሂሎም ዝእሰሩ እሞ ኸኣ ገገዝኦም ይቕጸሮም ኢዩ ዘብል።

በዚ ኣጋጣሚዚ፣ እዞም ምእንቲ ናጽነትን ፍትሕን ብልጽግናን ህዝቦም እተቓለሱ እሱራትና ኣበይ ኣበሉ ኢልና ክንሓትትን፤ ሎሚ ኻኻልኦት ዝረኸቦም ጽባሕ ንዓና ይኹን ንቤተ-ሰብና ክረኽበና ምዃኑ ፈሊጥና ምእንቲ ሰብኣዊ መሰላትናን ምእንቲ ሰብኣዊ ክብርናን ክንቃለስን ኢዩ ዝግብኣና።

ናይ ፖለቲካ እሱራትና ብርሃን ዝርእዩላ ዕለት ክትመጽእ ብሃረርታ ይጽበዩ ምህላዎም ክንርስዕ የብልናን። ነዚኣ እንተረሲዕና ሞት ይረስዓና። ሎሚዶ ጽባሕ እእሰር፣ ኣብ ውግእ ኣትየዶ እመውት፣ ስራሕ ስኢነዶ እጠሚ እናበለ ብፍርሒ ምዩቕ እናበለ ዝነብር ብምልዮናት ዝቕጸር ህዝቢ ከምዘሎ ውን ክንዝንግዕ የብልናን።

እዛ ብርሃን እዚኣ ግን፣ ብዘይ ቃልስን መስዋእትን ተወፋይነትን ኣይትርከብን ኢያ። ኣብ ሃገርና ዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን ከይነገሰ፣ ብርሃን ይኹን ሰላም ክንረክብ ፈጺሙ ዘይከኣል ኢዩ። ስለዚ፣ ኣብዚ እዋንዚ፣ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጐድኒ እቲ ምእንቲ ዲሞክራሲ ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት ደው ክብል ይጥለብ ኣሎ። ኣብ ዩክረይን፣ ኣብ ጆርጂያ፣ ኣብ ሊባኖስ እተቐጻጸለ ህዝባዊ ናዕቢ፣ ኣብ ኤርትራ ክቐጻጸል ዘይኽእለሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፣ ካብ ህዝብን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ተነጺሉ፣ ኣብ ዘለወሉ እዋን፣ ንዝኾነ ይኹን ይዕበ ይንኣስ ብህዝቢ ዝግበር ናዕቢ ደው ከብል ዘኽእሎ ዓቕሚ የብሉን። ስለዚ፣ ፖለቲካዊ ውድባትን መራሕቲ ሃይማኖትን ምሁራትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ማእከሎት መኳንንቲ እቲ ስርዓትን ንህዝቦም ካብዚ በላዕ ሰብ ዝኾነ ስርዓ ት ከናግፍዎ ሓላፍነቶም ክስከሙ ዝግብኦም እዋን ሕጂ ኢዩ። ጽባሕ ኣይኮነን።

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ኣገልገልቲ ናይ ህዝቢ ደኣምበር፣ ባሮት ናይ ውልቀ-ሰባትን ኣገልገልቲ ናይ ሰበ-ስልጣን ኤርትራን ከምዘይኰኑ ተገንዚቦም፣ ንህዝቦም ካብ ውግእን ብርሰትን ስደትን ከድሕኑ ሓላፍነቶም ክስከሙ ትጽቢት ይግበረሎም ኣሎ። ሰራዊት ኤርትራ ብህዝቢ ንዝጸደቐን ንረብሓ ህዝቢ ዘገልግልን ቅዋም ደኣሉ ክግዛእን ከገልግልን ዝግብኦ እምበር ንረብሓ ናይ ውሑዳት ክብል ንህይወቱ ናብ ሓደጋ ዘሳጥሓሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት የብሉን። ስለዝኾነ ድማ፣ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብሓፈሻ፣ ማእከሎት መኰንናት ድማ ብፍላይ፣ እምቢ ንውግእ፣ እምቢ ንግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ እወ ንዲሞክራሲ፣ እወ ንቅዋማዊ ስርዓት ኢሎም ክብገስሉ ዝግባእ እዋን ሕጂ ምዃኑ ክግንዘቡ ይግባእ።